ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ንኣብያተ ፅሕፈታት ከተማ መቐለ ግልጋሎት ዝውዕሉ ዝተፈላለዩ ዓይነት ናይ ቢሮ ኣቕሑት ን ኮምፒተራትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲርና ዕድጊት ክንፍፅም ንደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ጥሪ 13, 2018 (ቅድሚ 10 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 28, 2018 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:ብቢ ሎቱ ይፈላለ እዩ
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:300
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 28, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/

ምልክታ ጨረታ

ዕለት (Date) 13 /05 / 2018 ዓ/ም

ቁፅሪ (RefNo) 26 / ዕ/ንብ/ምም-ርን- 48

ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ንኣብያተ ፅሕፈታት ከተማ መቐለ ግልጋሎት ዝውዕሉ ዝተፈላለዩ ዓይነት ናይ ቢሮ ኣቕሑት ን ኮምፒተራትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲርና ዕድጊት ክንፍፅም ንደሊ። ስለዚ ኣብዚ ጨረታ ክትወዳደሩ እትደልዩ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቓሒታት እተማልኡ ተወዳደርቲ ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ፅሕፈትና ብምውሳድ ንኽትወዳደሩ ብኽብሪ ንዕድም ።

ተደለይቲ ረቓሒታት

1. ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ንግዲ ስራሕ ፍቃድ፣ ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ ፣ ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ መቅረባይነት ሰርትፊኬት፣ናይ ቫት ምዝገባ ሰርቲፊኬት፣ ናይ ቀረባ ወርሒ ቫት ሪፖርት ከቅርቡ ዝኽእሉን ።

2. መኽበሪ ጨረታ ንፈርኒቸር ብር 100,000.00 (ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር) ንኮምፒተራር ብር 15,000.00 (ዓሰርተ ሓሙሽተ ሽሕ) ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ (cpo)ወይ ብጥረ-ገንዘብ ወይ ድማ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ናይ ባንኪ ውሕስና ብቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቀለ ሽም ከትሕዙ ዝኽእሉ ።

3. ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ እዚ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወፅአሉ ዕለት ጀሚሮም ኣብ ስራሕ ሰዓት ዘይምልስ ብር 300 (ሰለስተ ሚኢቲ ብር) ብምኽፋል ምውሳድ ይኽእሉ ።

4. ተጫረቲ መጫረቲ ሰነዶም ሓደ ኦርጅናል ምስ ሓደ ቅዳሕ በበይኑ ብምዕሻግ ከቅርቡ ኣለዎም ።

5. ጨረታ ካብ ዕለት 13/05/2018 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 28/05/2018 ዓ/ም ሰዓት 3:30 ዝፀንሕ ኮይኑ በዚ ዕለት ሰዓት 3:30 ተዓሺጉ ሰዓት 4:00 ይኽፈት።

6. ጨረታ ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቤት ፅሕፈትና ክፍሊ ቁፅሪ 033 ይኽፈት ።

7. ተጫረቲ ኣብ ሕድሕድ ሰነድ ጨረታ ናይ ድርጅት ማህተምን ፌርማን ከዕርፍሉ ይግባእ ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

8. ኣብ ከይዲ ጨረታ ንምዝባዕ ዝፍትኑ ተጫረቲ ካብ ጨረታ ወፃኢ ከም ዝኾኑን ንቀፃሊ ውን ኣብ ናይ ዕደጋ መንግስቲ ከይሳተፉ ከምዝግበርን ካልኦት ኣድለይቲ ስጉምቲታት ምውሳድ ከምዝከኣል ክፈልጡ ይግባእ ።

9. ቤት ፅሕፈትና ድሕሪ ጨረታ ምኽፋቱ 20% ናይ ምውሳኽን ምቅናስን መሰል ኣለዎ ።

10. ዝሓሸ መማረፂ እንተተረኹቡ እቲ ጨረታ ብኽፋል ወይ ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

11. ኣድራሻና ኣብ ኣግኣዚ ኦፕሬሽን ህንፃ ጥቃ እንዳ ማርያም ጉግሳ ቤተክርስትያን ንርከብ ።

12. ንዝበለፀ መብርሂ ኣብ ስራሕ ሰዓት ናብ ቤት ፅሕፈትና ብብኣካል ቀሪብካ ምሕታት ይከኣል ።

0344-406747/0344-408501/0344-406839

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle